*TIGRIGNA*

SEATTLE PUBLIC SCHOOLS

## ን 2009-2010 ናይ ትምህርቲ ዓመት ዝጸደቐ ሓድሽ ናይ ኣውቶቡስ መበገስን መብጽሕን ሰዓታት

ኣብ ናይ ሰነ 3 ናይ ቤት ትምህርቲ ቦርድ ኣኼባ፡ ናይ ቦርድ ኣባላት ን 2009- 2010 ናይ ትምህርቲ ዓመት ሓድሽ ናይ መበገስን መብጽሕን ሰዓታት ኪህልው ብዝሃብዎ ድምጺ ኣጽዲቖም ኣለው። እዚ ድማ ንኹሎም ቤት ትምህርትታት፡ ትምህርቲ ዚጅምሩሉን ዝውድኡለን ሰዓታት ዝቕይር እዩ።

እዚ ስጉምቲ እዚ ኣብ መጋቢት 18 ሓድሽ ናይ ትራንስፖርት ኣገልግሎት መምዘኒ ብዝምልከት ንናይ ሲያትል ኣብያተ ትምህርቲ፡ ብናይ ቤት ትምህርቲ ቦርድ ንዝጸደቐ ኣብ ግብሪ ንምውዓል እዩ። ቤተሰባት እቲ ትምህርቲ ዝጅመረሉ ሰዓትን ዝውድኣሉ ሰዓትን ኣብ ደገ ኪግበር ንዝኽእል ንጥፈታት እኹል ዝኾነ ብርሃን ኣብዘለወሉ እዋን ኣቐዲም ኣቢሉ ምእንቲ ኪኸውን ድሌት ከምዘለዎም ሰሚዕና ኢና። ካብቲ ዝረኸብናዮ ርእይቶታት ብምብጋስ ፡ ንኹሎም ቤት ትምህርትታት እቲ ዝጅምሩሉ ሰዓት ዘሎ መደብ ብ 10-15 ደቒቕ ኣቐዲም ኣቢሉ ኪኸውን እማመ ነቕርብ ኣሎና።

እቲ ናይ ትራንስፖርት ኣገልግሎት ብዝምልከት ዝተገብረ መምዘኒ፡ ንብዙሓት ተመሃሮ ብኣውቶቡስ ዝጐዓዝሉ ሰዓት ክንክይ ይገብሮ፣ ናይ ጊዜ መደብ ብዝምልከት ብዝበለጸ ቀጻልነት ዘለዎን ኣተኣማማኒን ኪኸውን ይገብሮ፡ ከምኡውን ኣብ ናይ ኣውቶቡስ መጐዓዓዚ መስመራት እቶም ሾፌራት ቀጻልነት ዘለዎም ኪኾኑ ይገብር። እዚ ዝግበር ለውጢ ድማ ናይ ሲያትል ኣብያተ ትምህርቲ ተመሳሳሊ ቁጽሪ ዘለዎም ተመሃሮ ብ 49 ዝወሓዱ ኣውቶቡሳት ኣገልግሎት ንምሃብ ይኽእል፡ ናይቲ ምምሕድዳር ናይ ካርቦን ምጥቃም ኪንክይ ይገብሮ፡ ከምኡውን ናይ ኣሰራርሓ ስሉጥነትን ኪዓብን ናይ ትራንስፖርት ወጪ ብ $2.2 ሚሊዮን ክንክይ ይገብሮ።

ቤት ትምህርቲ ዝጅመረሉን ዝውድኣሉን ሰዓታት ብዝምልከት ምቅይያር ምግባር ንኹሎም ቤተሰብናን ሰራሕተኛታትን ናይ ጊዜ መደቦም ምምዕርራይ ከምዘድልዮም ንርዳእ ኢና። ስለዚ ኢና ድማ እቲ ሓድሽ ትምህርቲ ዝጅመረሉ ጊዜ ኣብ ወርሒ መስከረም 2009 ቅድሚ ምጅማሩ እኹል ዝኾነ መፈለጥታ ክንህበኩም ዝደሌና።

ኣብዚ ታሕቲ ቀጺሉ ንቤት ትምህርትና እቲ ቤት ትምህርቲ ዝጅመረሉን ዝውድኣሉን ሰዓታትን ከምኡውን ኣውቶቡስ ናይ ንግሆን ድሕሪ ቀትሪን ዝበጽሓሉን ዝብገሳሉን ሓበሬታ ዝሓዘ እዩ። ኣብ ፍርቂ ነሓሰ ኣቢሉ ካብ ናይ ሲያትል ቤት ትምህርቲ ክፍሊ ዲፓርትመንት፡ ብዛዕባ ኣውቶቡስ ብንጹር ዝጽዕናሉን ዘውርዳሉን ሰዓታት ዝሓዘ ሓበሬታ ንቤተሰባት ኪለኣኽሎም እዩ።

http://www.seattleschools.org/area/transportation/times/proposedtranstimes.pdf